Mr. Diijon DaCosta፡ ላዕለዋይ ኣቦ-መንበር ቦርድ
Mrs. Deirdre P. Pierce፡ ምክትል ኣደ-መንበር
Mrs. Anna Hill
Ms. Whitney McGinniss
Ms. Allyson Gevertz
Mrs. Vickie B. Turner
Dr. Joyce Morley

Dr. Devon Q. Horton፡ *ዋና-ኣማሓዳሪ*

**ብህጹጽ ዝውሃብ ሓበሬታ**

ረቡዕ፣ 15 ሕዳር መዓልቲ 2023 ዓ/ም

**ተጸዋዒ፥**
Donald Porter, *Ed.D.* 678-481-4110
Carla Parker 404-734-1717

# ወግዓዊ'ዩ፥ DCSD፡ ናይ መጻኢ ወለዶ ቀያርቲ መምሃራን ንምኹስኳስ ዚውዕል ፕሮግራም ተሞክሮ ስራሕ መምሃራን (IGNITE DeKalb Teacher Residency Program) ይጅምር

*ኣብዚ ግዜ'ዚ 50 ዚኣክል መመልከቲታት ናይ ፈለማ ጒጅለ ተቐቢሉ*

(STONE MOUNTAIN, GA) -DeKalb County School District (*DCSD*)፡ IGNITE DeKalb Teacher Residency Program ሎም መዓልቲ ብወግዒ ከምእተኸፍተ ይሕብር፣ እዚ ድማ ነቶም ኣብ ኣውራጃ ዘለዉ ብቑዓት መምሃራን ዘድሊ ኣገዳሲ ነገር ንኼማልእ ተባሂሉ ብዋና-ኣማሓዳሪ Dr. Devon Q. Horton ዝተፈረመ ተበግሶ እዩ።

ኣብ ትሕቲ DeKalb Teacher Residency Program ዘሎ IGNITE (***I***nspiring ***G***reatness and ***N***ormalizing ***I***nnovation in ***T***eacher ***E***ducation (ኣብ መምሃራን ዕብየት ንኺህሉ ድርኺት ምፍጣርን ንመሃዝነት ንቡር ምግባርን))፡ መረጋገጺ ምምህርና ዚርከበሉ ኣማራጽን ልዑል ኣድማዕነት ዘለዎን ቀያሪ ጒደና እዩ። IGNITE፡ ልዑል ብቕዓት ዘለዎምን ውፉያትን ሓደስቲ መምሃራን ኣብ ምድላው ዝዓለመ ኮይኑ፡ እቶም ናይ መጻኢ ትምህርቲ ቅርጺ ኬትሕዙ ዚደልዩ ህንጡያት ውልቀሰባት ንዕላማኦም ኣብ መምሃሪ ክፍልታት ዘተግብርሉ ዕድል ይፈጥር። DCSD፡ ናይ መጻኢ ወለዶ ፍሉያት መምሃራን ብምምዕባል፡ ነቲ ኣገዳሲ ብድሆታት ትምህርቲ ኣብ ዚፈትሕ ፈጠራዊ ስትራተጂታት ንዘለዎ ተወፋይነት ድማ ዜርኢ እዩ።

እዚ ኣብ [https://www.dekalbschoolsga.org/ignite/](https://www.dekalbschoolsga.org/ignite/) ዚርከብ ብወግዒ ዝተጀመረ ሓድሽ መርበብ-ሓበሬታ ድሮ ዓቢ ተገዳስነት ረኺቡ ኣሎ። ኣብዚ መዋዕውዒ ከይተገብረሉ ኣብ ቀዳመ-ሰንበት ብትሑት ደረጃ ዝተጀመረ ፕሮግራም፡ ልዕሊ 400 ውልቀሰባት ተገዳስነት ኣርእዮም።

**እቶም ኣብ ጥሪ 2024 ንኺጅምሩ መደብ ወጺእሎም ዘለዉ ናይ ፈለማ ጒጅለ፡ ብቑጽሪ 50 ጥራይ እዮም።** ሕጹያት፡ ኣወዳዳሪ ብዝኾነ መስርሕ ምርጫ ከምዚምረጹ ኪግበር እዩ። ሓደስቲ ጒጅለ ድማ ካብ ሰነ 2024 ጀሚሩ ኣብ ነፍስወከፍ ሽድሽተ ኣዋርሕ ንኺቕበል መደብ ወጺኡ ኣሎ።

ናይ መጻኢ ሕጹያት IGNITE፡ ኣብ ትምህርቲ ዘይኮነ ዓውዲ እንተወሓደ 2.5 ውህሉል ገምጋም ነጥቢ (GPA) ብምምጻእ ባችለር ዲግሪ ካብ ዝተመስከረሉ ኮሌጅ ዝረኸበ ኪኾውን ኣለዎ። ተመረቕቲ ጒጅለ፡ ነዚ ፕሮግራም'ዚ ምስወድእዎ፡ ኣብ DCSD ንሓሙሽተ ዓመታት ንኺምህሩ መብጽዓ ይኣትዉ። ገለ ካብቲ ቀንዲ ረብሓታት IGNITE፡ ነዚ የጠቓልል፥

- **ትምህርትን ስልጠናን፥** ሕጹያት፡ ናጻ ማስተር ዲግሪን ካብ ጅባኦም ገንዘብ ከየውጽኡ ድማ ሰፊሕ ስልጠናን ይረኽቡ።
- **ፋይናንሳዊ ደገፍ፥** ኣብ ዓመት ስልጠና፡ ናይ $30,000 ኣበል መነባብሮ ይውሃቦም።
- **ውሕስነት ስራሕ፥** ዕዉታት ሕጹያት፡ እንተወሓደ $57,000 መጀመሪ ደሞዝ ዚረኽብሉ ናይ ምምህርና ስራሕ ኣብ DCSD ንኺረኽቡ ውሕስነት ኣለዎም።

ዝርዝር ሓበሬታ ፕሮግራም IGNITE ንምርካብን መመልከቲ ንምቕራብን፡ ነዚ ከፊትኩም ርኣዩ፥
[https://www.dekalbschoolsga.org/ignite/](https://www.dekalbschoolsga.org/ignite/)

ብዛዕባ ፕሮግራም IGNITE ንዚምልከት ራእይ Dr. Horton ኣብዚ ሊንክ ርኣዩ፥
[https://www.youtube.com/watch?v=4ukD0BCqxrc](https://www.youtube.com/watch?v=4ukD0BCqxrc)

XXX